# ዓመታዊ ሱባኤ ምቅርራብ ንብዓለ ልደት

2006 ዓ.ም.(20130)

ንባባት፡ ኢሳያስ 2፡1-5፥ ሮሜ 13፡11-ፍ፥ ሉቃ 3፡1-17

እዚ ዘሎናዮ እዋን ብናይ ዓድና ስርዓት ዘመነ ምጽኣት ወይ ዘስብከት እንቀራረበሉ ጊዜ እዩ፥ ዝመጽእ ሰንበት ዘደብረ ዘይት ዝብል ምስ ዘከርና ድሕሪኡ ዘሎ ሰለስተ ሰናብቲ ንምጽኣት መድኃኒና እንቀራረበሉ እውን እዩ፥ ኣብዚ ዘሎናዮ ሃገር "Advent: ይብሃል ካብ ክልተ ቃል ላቲን ዝመጸ እዩ "Ad-ventus" "ምምጻእ" ወይ "ምእታው" ማለት እዩ። ንኣና ክርስትያን እዚ እዋን ንምጽኣት ጎይታ ምጽባይ እዩ ዘስምዕ። ዘመን ምጽኣት ሰለስተ ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ "ዘስብከት ዘብርሃን፥ ዘኖላዊ" ይብሃል ነናቱ ምስባኽን ንባባትና ኣልኦ።

ብዝያዳ ክህግዘና እስተንትኖና ኣብ ክልተ ክንመቕሎ፡

## ፩ ንብዓለ ልደት ክንሰናዶ።

ቤት ክርስትያን ካብ መጀመርያ ንልደት ክርስቶስ ኩሎም ኣመንቲ ክርስቶስ ዘኪሮም ከብዕልዎ ወሲና እዚ ኸኣ ነቲ ምእንታና ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ብሓዲስ መንፈስ ዘኪርና ኣብ ሕይወትና ኣብ እምነትና ሕያው ክንገብሮ ምእንቲ እዩ።

ንምጽኣት ልደት ከመይ ገርና ክንጽበ ይግብኣና? ቅ. ሉቃስ ነቲ ዮውሓንስ መጥምቕ ዝብሎ ዝነበረ ኣብ ወንጌሉ ኣስፊሩ ይነግረና። "ጎደና እግዚኣብሔር ጽረጉ መገድታቱውን ኣቕንዑ፥ ሽንጥሮ ዘበለ ልዕል ይበል እምባን ኲርባን ኲሉ ትሕት ይበል ጥውይዋይ ዝኾነ ኲሉ ትኽ ይበል ድንጉር ይተኻኸል፥ ሥጋ ዝለበሰ ኹሉ ኸኣ ምድኃን ኣምላኽ ኪርኢ እዩ" (ሉቃ 3፡4-5) ካብ ኢሳይስ ነብይ ዝበሎ እናጠቐሰ ብኣፍ ዮውሓንስ ይነግረና።

ብኹሉ ብመንፈሳውን ብሥጋውን ተሓዲስና ንልደት ክርስቶስ ክነብዕል ንንገር ኣሎና። እንተ ኾነ ሰብ ክሕደስ ክሓልፎ ዝግብኦ ጉዕዞ ኣልኦ፡

1. ብኃጢኣቱ ተኣሚኑ ክንሳሕ ይግብኦ። እቲ ዓቢ መኸላእታ ኮይኑ ዘሎ ኃጢኣትና እዩ። ክንሳሕ በደልና ክንእመን፥ ካብቲ ኣረጊት ጠባይና ወጺእና ኣብ ሓዲስ ሕይወት ክንኣቱ ኃጢኣትና ክንእመን ይኸብደና። ሰብ ተዓዊቱ ዝብሃል ንርእሱ ክስዕር እንከሎ ጥራሕ እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተደፊኡ ኣብ ቅድመኻ በዲለ ኢሉ ከምቲ በታኒ ወዲ ክእመን እንከሎ ጥራሕ እዩ ኣብ ቤት ኣብኡ ክኣቱ ዝኽእል። ንስሓ ኃጢኣትና ኣፍደገ ድሕነት ይከፍተልና። በደልና ክንእመን ቀሊል ኣይኮነን እዚ ኸኣ ብኽልተ ምኽንያት እዩ ሀ. ሥጋን ክስዓር ክዋረድ ክእመን ኣይደልን እዩ። ተጋገየ እንተ በልና ዝተሸነፍና ኮይኑ ይስምዓና። ለ. ሰይጣን ጸላኢና ካብ ደምቢኡ ክንወጽእ ኣይደልን እዩ፥ ንወትሩ ደቂ ማሕበሩ ኮና ክነብር እዩ ዝደልየና። ስለዚ ክንሳሕ ይኸብደና። መንፈስ ሰይጣን ዝመለኾ ጥራሕ እዩ ንስሓ ዝኣቢ።

2. ንኹሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ከነንብሮ ይግባእ። ሰብ ኣብ ሕይወቱ ልዕሊ ኹሉ ንኣምላኽ እንተ ገበረ ክሕደስ ክቕየር ኣየጸግሞን እዩ። ንሕና ኣብ ገለ እዋን ኣብ ክእለትና ኣብ ገለ እዋን ኣብ ዘሎና ሃብቲ ኣብ ገለ እዋን ከኣ ዘሎናዮ ሕይወት ንመገዲ ኣምላኽ ሓዲግና ንጸጋም ክንጉዓዝ ዘይኸብደና ፍጥረት ኢና። ክንሕደስ እምብኣር ኣብ ኣምላኽ ብምሉእ ክንምለስ ኣሎና።

3. ክናፍቕ ኣሎና። ቤት ሰማያዊ ኣቦና ክናፍቕ ይግብኣና። ቤት ኣብኡ ዝሓደገ ከምቲ በታኒ ውሉድ ክንከውን ኣሎና። ንሱ ንቤት ኣብኡ ብማዕዶ ምስ ረኣዮ ኣብ ልቡ ተመሊሱ ንሕና ውን ነዚ ኩነት ክንለብስ ኣሎና። እዚ መንፈስ ኣብ ልብና እንተ ኣሕደርና ክንሕደስ ኣይከብደናን እዩ።

ኣብዚ ጊዜ ምጽኣት ልደት ክርስቶስ ኣብ እንሰናደወሉ ዘሎና ኣብ ግምት ክነእትዎ ዘሎና ነገራት ኣሎ፡

- **ብተስፋ ምጽባይ።** ሰብ ብተስፋ ክነብር ምስጀመር ጥራሕ እዩ ክነብር ዝኽእል። ተሳፋ እንተሎ ንዝኾነ ጸገም ክጻወሮ ይኽእል። ኣብ ታሪኽ ብዙሓት ሰባት ኣብ ቤት ማእሰርቲ እሞ ኣብ መንገ ሞትን ሕይወትን ዝነበሩ ከመይ ኢልካ ሓሊፍካዮ እንተ ተባህሉ እታ ሓንቲ ዝሓገዘቶም ኩና ስቓይ ዘሎ ብተስፋ ክርእይዎ ስለ ዝኸእሉ እዮም። ንልደት ክርስቶስ ዓመት ዓመት ክንጽበዮ ኸሎና ብተስፋ ብእምነት ኢና እንጽበዮ። ተስፋና ኸአ ንኹሉ ጸጋታቱ ኣልቢሱ ሓዲስ ሕይወት ክነልብስ እዩ።

- **ትዕግስቲ የድሊ።** ክትጽበ ከሎኻ ጽቡቅ ጥራሕ ኣይ ኮነን ዝመጽእ ኣብ ገለ እዋን ጸገም እውን ይመጽእ እዩ ስለዚ ንኹሉ ብምስትውዓል ነቲ ክርስቶስ ዝህቦ ጸጋን በረኸትን ርኢና እንተ ኸኣልና ንኹሉ ክንክእሎ ኢና። ክንርድኦ ዘይንኽእል ኣብ ኢድ ኣምላኽ ክንሓድጎ፥ ንዝኸበደና ሓግዝኒ ክንብሎ የድሊ። ዝዕገስ ሰብ ከመሚ ኣየጸግሞን እዩ።

- **ክንጽበ ከሎና ምስ ካልኦት ኮና ኢና እንጽበ።** ዘመነ ምጽኣት ናይበይና ጉዳይ ኣይኮነን ናይ ኩልና እዩ። ኩሉ እጃሙ ከበርክት እሞ ንእንጽበዮ ክንበጽሖ ተሳትፎና ክዓቢ ኣልኦ። ምሳና ኮይኖም ዝጸበዩ ስለ ዘለዉ ኣብ ልብና ኣብ ሕይወትና ቦታ ክህልዎም ይግባእ።

- **ኣብ ትጽቢት ስለ ዘሎና ልብና ክፉት ክኸውን ይግባእ።** እንጽበዮ ብተስፋ ስለ ዝኾነ ክፉት ክኸውን እንክሎ ጥራሕ እዩ ትርጉም ዝህልዎ። ዕጹው ልቢ ስለ ዘይተኸፍተ ተስፋ የብሉን ዝጽበዮ የብሉን ስለዚ ልብና ከፊትና ኣምላኽ ክኣትዎ ነሰናድዎ።

## ንልደት ክርስቶስ ምስ መን ኮይነ ክጽበዮ?

ምስ ማሕበር ክርስቶስ ምስ ስድራና ምስ ቊምስናና ምስ ኩሎም ደቂ ሰብ ኮና ክንጽበዮ ኣሎና። ክርስቶስ ምእንቲ ኩሉ እዩ መጺኡ፥ ካብ ፍቕሩ ዝወጽእ የለን ኩልና ናቱ ኢና። ነዚ ምእንታና ዝተወለደ ክርስቶስ ሎሚ ኩልና ደቂ ሰብ ክንቅበሎ ናታትና ተራ የድልዮ። ጸልማት ተዓዊትሎም ንፍቕሪ ክርስቶስ ክርእዩ ከቢድዎም ዘለዉ ብርሃን ክርስቶስ ክርእዩ እንሰብኮም እነምጽኦም እነበስሮም ንሕና ኢና። ቅዱስ ጳውሎስ ኣምባሳደራት ልርስቶስ ኢኹም ይብለና። ንክርስቶስ ብግብርና ብዘረባና ብትዕግስትና እኮታ ብኹሉ ሕይወትና ክንምስክሮ ኣሎና።

ጸጋ ጥምቀት ዝተቐበልና ኩልና ነዚ ሓላፍነት እዚ ተቐቢልና ኢና። ክርስቶስ ኣብ ናብራና ኣብ ርክባትና ኣብ ኩሉ ክንምስክሮ ትሑዛት ኢና። ንሰባት ብመልክዖም ደቅመን ምኸኖም ነለልዮም ንሕና ብግብርና በቲ እንረእዮ ፍቕርን ቅንዕናን እምነትና ክምስከር ይግባእ። ቀዳሞት ክርስትያን ብሕይወቶም ክሰብኩ ስለ ዝኸእሉ ብዙሓት ክኣምኑ ክኢሎም። ሎሚ እምነት ዝሒሉ ካብ ንክርስቶስ ዘፍቅሩ ዝርሕቕዎ በዚሖም ኣለዉ ስለዚ ተለኣኽቲ፥ ዓደምቲ፥ ውሒድና ኣሎና።

ልደት ንኹልና ዝርኢ እዩ ኩልና ብርሃን ክርስቶስ ክንሳተፍ ኣፍደገ ዝኸፍት ኣጋጣሚ እዩ። ሾልና ኣብ ኣምላኽ ተመሊስና ሓዲስ ርክብ ምስ ኣምላኽን ሰብን ክንጅምር ዝሕግዘና ስለ ዝኾነ ንኹሉ ምስ ኩሉ ክነብዕል ይግባእ።

## ናይ መን ምጽኣት ኢና እንጽበ ዘሎና?

ብርግጽ ነቲ ቅድሚ ዘመናት ንኣና መሲሉ ኣብ መንጎና ናይ ዝሓደረ ኣምላኽ ወልደ እግዚኣብሔር ዝመጸሉ ክንዝክር ንሰናዶ ኣሎና። እንተ ኾነ ካልእ ምጽኣት እውን ኣሎ እንጽበዮ። ብዛዕባ ምጽኣት ኣምላኽ ክንዛረብ ከሎና ሰለስተ ምጽኣታት ክንዝክር ንኽእል።

- **፩ይ ምጽኣት** ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ቤተልሔም ኣብ መብልዕ እንስሳ ዝተወልደሉ ንዝክር። ኣብዚ ትስብእቲ ወዲ ኣምላኽ ብዝያዳ ዘኪርና ነብዕሎ። ፍቕሪ ኣምላኽ ከማና ኮይኑ ገሊጹልና ስለዚ ነዚ ዝሓለፈ ምጽኣቱ ዘኪርና ነቲ ዝተገብረልና እናዘከርና ንርእስና ዘሎናዮ ኩነት ርኢና ንሕደስ።

- ፪ይ ምጽኣት ናይ ክርስቶስ ኣብ መወዳእታ ዓለም ብግርማን ብዓቢይ ኃይልን ስልጣን ክመጽእ ንጽበ ኣሎና። ክርስቶስ ብግርማ መለኮት ንሕና ኸእ ግብርና ሒዝና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እንቐመሉ ንጽበ ኣሎና። ንመዓልቲ ፍርዲ ዝገበርናዮ ኩሉ እንሕተተሉን እንፍረደሉን ንጽበ ኣሎና። ዳግማይ ምጽኣት ጎይታ ንብሎ።

- ፫ይ ምምጻእ፥ ኣምላኽ ዕለት ዕለት ኣብ ሕይወትና ይመጽእ። ኣብዚ ኣበናይ እዋን ከመይ ተመሲሉ ከም ዝመጸና ክንስተውዕል ይግብኣና። ነቲ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ዝጓነፈና ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ገርና እንተ ፈጺምናዮ ንኣምላኽ ተቐቢልናዮ ማለት እዩ። ንኣብነት ንጽጉም ዝመጸና እንተ ሓገዝና፥ ንብኡስ እንተ ዓረቕና፥ ንሕሙም እንተ በጻሕና፥ ንዝበደለና ይቕረ እንተ በልና ንኣምላኽ መጺኡና ተቐቢልናዮ ኣሎና ማለት እዩ። ክርስቶስ ኣብ መስዋዕቲ ቅዳሴ ክንሳተፍ እንከሎና ከምኡ ንኹሎም ምስጢራት ክንቅበል እንከሎና ኣባና መጺኡ ይሓድር።

ጣዕምን ምስጢርን ልደት ርኢና ክንክእል ጊዜ ንውሰድ። ጊዜ ወሲድና ክነስተንትን ንርእስና ክንሓትት ከምኡ ምስጢር ልደት ክነስተንትን ጽምዋ ክንመርጽ ኣሎና። ዓለምና ጫውጫውታ ዝበዝሖ ስለ ዝኾነ ዝተፈላለየ ድምጺ ስለ ዘምጽእ ድምጺ ኣምላኽ ክነለሊ መልእኽቲ ኣምላክ ክንሰምዕ ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ንኣምላኽ ክንዛረቦ ክነዕልሎ ይግብኣና።

ልደት ብስራት ዘምጽእ ኣጋጣሚ እዩ፥ ኣብ ጸልማት ዝነብሩ ዝነበሩ ደቂ ሰብ ብርሃን ሰላም ምሕረት ተበሲሮም። መላእኽቲ ሰማይ እናዘመሩ ምስጢር ልደት ክርስቶስ ነጊሮም፥ “መድኃኔ ዓለም ተወሊድልኩም ኣሎ” እናበሉ ኣበሲሮም። ነዚ ዓቢ ብስራት ሎሚ ከምብሓድስ ክንሰምዖ የድልየና ኣሎ። ሰብ ልቡ ተሸፊኑ ጸልማትን ብርሃንን ምፍላይ ስኢኑ ልቡ ዓዊሩ ኣሎ። ዓለምና ዓመጽ ግፍዒ ቅትለት ውግእ ስደት ሞት ማእሰርቲ ኮታስ ስቓይ ዘበለ ኩሉ በዚሕዎ ኣሎ ስለዚ ሎሚ ብስራት ወንጌል የድልዮ ኣሎ።

ልደት እምብኣር ኣብዚ ምስጢር ብዝተሓደሰ ልቢ ክነብዕሎ ባብ ዝኸፍት እዩ። ንልደት መድኃኒና ብዓቢ ምስንዳው ክንጽበዮ ልብና ክነንጽሕ ንኹሉ በደልና ክንሓድግ እሞ ኣብ ጎደና ድሕነት ክንምርሽ ንኹሉ ቂምታን በቓልን ሓዲግና ዳግም ኣብ ልብና ክውለድ ቦታ ልብና ነጣጥሓሉ።

## ፪ ንዳግማይ ምጽኣት ምስንዳው፡

ኣብ ስርዓታትና ከምኡ ኣብ ኩሉ እነንብቦ ንባባትና ኣብዚ እዋን ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ እዮም ዘዘኻኽሩና። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ፥ ንመወዳእታ ዓለም ይኹን ንናይ ነፍስወከፍና ግላዊ ሕይወት መወዳእታ ይኹን ክንቅረብ የዘኻኽሩና። እቲ ቀንዲ ክንሰናደዎ ዝግብኣና ንግላዊ ሕይወትና ብዝርኢ ምስንዳው እዩ፥ ነፍስወከፍና ካብዛ እንነብራ ዓለም ክንሓልፍ ስለ ዝኾና ክንሰናዶ ተቐሪብና መብርሃትና ሒዝና ክንጸንሕ እዩ ዝድለ ዘሎ። ዕለቱ ኣና ዘይንፈልጥ እምበር ሓንቲ መዓልቲ ክንጽዋዕ ኢና።

ኢሳያስ ነቢይ ነዚ ኸዘኻኽር እንከሎ “ንውናይ ናብ እምባ እግዚኣብሔር፥ ናብ ቤት ኣምላኽ እስራኤል ንደይብ” (ኢሳ 1፥3) ይብል። ንኣና ኢየሱስ እቲ ሓቀኛ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ እዩ። በዚ ምኽንያት ሰውነት ክርስቶስ ዝኾነት ማሕበር ክርስትያን ምስ ክርስቶስ ምስቲ ርእሳ ዝኾነ ተወሃሂዳ ቤተ መቕዳስ ኣምላኽ ትኸውን። ኣብኡን ምስኡን ክንኸይድ “ምኽንያቱ ንሱ ፍቓዱ ከምህረና እዩ፥ ንሕና ኸእ ኸም ፍቓዱ ኽነብር ኢና” (ኢሳ 1፥3)። ኣብዚ ጉዕዞ ንግደት ዝኾነ ሕይወትና ነቲ መገዲ ክሕብረና እዩ፥ እቲ ንኣኡ ክንረኽበሉ እንኽእል መገዲ እናመርሐ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ኣብዚ ምድሪ ክንረኽቦ ክሕብረና እዩ።

ዳግማይ ምጽኣት ኣብ ትምህርቲ ወንጌል፡

ሓዲስ ኪዳን ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣት ደጋጊሙ እናነገር ንምጽኣት ኢየሱስ ከመይን ምእስን ምኺኑ ብዘየገድስ ክንሰናዶ ይነግረና። እቲ ኣብ ቤተልሔም ዝተፈጸመ ቀዳማይ ምጽኣት ነዚ ዳግማይ ምጽኣት ክንሰናዶ ይሕግዘና። ክንቅረብ ክንዝክር መጠንቀቕታ የድልየና እዩ፥ ምኽንያቱ

ብሓደ ወገን ብዛዕባ ከመይን ምአስን ብኸመይን ነዚ ምድራዊ ሕይወት ከምእንሓድጎ ክንሓስብ አይንደልን ኢና። እንተ ኾነ እዚ ሓቂ እዩ ሓደ መዓልቲ ክንሓልፍ ኢና። ሓደ ርግጽ ዝኾነን ነገር ብምሉእ ክንክሕዶ ዘይንኽእል ነገር እንተሎ ሓደ መዓልቲ ካብዚ ዓለም ከም እንሓልፍ እዩ። ብዙሓት አለዉ ከይሞቱ ዝፈርሑ ወላ እውን ብዛዕባ ሞት ክዕለል ዘይፈትዉ። እንተኾነ ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ዓላማ ሕወትና ክንሓስብ ግድን እዩ። ብዙሓት ንሞት ንኻልኦት እዮም ዝህብዋ፥ ዘንጊዖም ከይሓሰቡላ እንከለዉ ሞት ብሃንደበት ትመጽኦም። ማቴዎስ ወንጌላዊ ብኸምዚ ይገልጾ "ከምቲ ብዘመን ኖኅ ዝኾነ ምጽአት ወድሰብ ከአ ኸምኡ ክኸውን እዩ፥ ኸምቲ ብቕድሚ ማይ አይኂ ዝነበረ ቕንያት ክሳዕ እታ ኖኅ አብ መርከብ ዝአተወላ መዓልቲ ኺበልዑን ክሰትዩን ኬውስቡን ኬዋሰቡን ዝጸንሑ እሞ ማይ አይኂ መጺኡ ንኹሉ ኽሳዕ ዘጥፍእ ዘይፈለጡ ምጽአት ወድሰብ ከአ ከምኡ ክኸውን እዩ. . . . . እምብአር ጎይታኹም በየነይቲ መዓልቲ ኸም ዝመጽእ አይትፈልጡን ኢኹም እሞ ንቐሑ" (ማቴ 24፡37-43) ይብል። አብ ናይ ዓለም ነገራት አድሂብና እንከሎና ከይተሰናዶና አዋጅ ሞት ከይመጸና ክንዝክር ክንሓስበሉ እዋኑ እዩ። አነ ሎሚ ሞት እንተ ትመጽአኒ ከመይ ኮይነ ምጸናሕኩ ኢልና ሕልናና ክንሓትት እሞ ሕይወትና ክንርኢ። ከመሎኹ ምባል ንሰብ ሕይወቱ ክቕይር ይሕግዞ አብ ልቡ ክምለስ ዕድል ይህቦ እሞ ከመሎና ኢልና አብ ርእስና ተመሊስና ሎሚ ከም መወዳእታ መዓልቲ ሕይወትና ገርና ሓሲብና ንምጽአት ጎይታ ብምስንዳው ነጸበያ።

ሎሚ እዋን ብፍላይ አብዚ ዓዲ እንርከብ ጊዜ የብልናን ሰብ ብኹሉ ተወጢሩ ሓንቲ ጊዜ የብሉን ምእንቲ ርእሱ ይኹን ምእንቲ ኻልኦት ጊዜ ሓጽርዎ ክጎዪ ንርኢ አሎና። ብናይ ዓለም አረአእያ ምናልባት እቶም ጊዜ ዘይብሎም አብ ሃብቲ ምድላብ ዕዉታት ክኾኑ ይክአል እዩ፥ አብ ሓዳሮም እውን ጽቡቕ ሓዳር ክህልዎም ይክአል እዩ፥ አብ ሕይወቶም ብዙሕ ዘደንቕ ተመክሮ ክህልዎም ይክአል እዩ፥ እንተ ኾነ አብ መወዳእታ ነቲ ብዘይመጠን አገዳሲ ጉዳይ ሕይወቶም ስንድዋት ከይኮኑ ይክአል እዩ። እቲ ሕቶ ሕጂ አብዚ እዋን ክሳብ ክንደናይ ስንድው እየ አነ ምባል እዩ። አምላኽ አብዛ ስዓት እንተ ዝመጻኒ ከመይ ምጸናሕክዎ ኢልና ክንሓስብ እሞ ከም ዝመጸና ገርና ክንሰናዶ አሎና።

ምናልባት ብዙሕ ክጭነቕ የብለይን ብዙሕ ሕክምና ተራእየ እየ ሓንቲ ጸገም የብለይን ሓኪም ልቢ ናይ ሓደ መንእሰይ እዩ ዘሎካ ኢሉኒ ልበይ፥ ደመይ፥ ኮሎስትሮል ኩሉ ጽቡቕ አሎ፥ ልዕሊ ኹሉ ኸአ ጌና እንድየ ዘሎኹ ንዓለም ዘይጠዓምኩሉ ኢልና ንሓስብ ኢና። እንተ ኾነ ክንደይ መንእሰይ እዮም አብ ሸዊት ዕድሚኦም ክቕዘፉ እንርኢ ዘሎና፥ ንብዙሓት ሞት ንኻልኦት እያ አብዛ እዋን አብዚ ቤተ ክርስትያን ዘሎና ንርእሱ/ሳ ሞት ክትመጾ ዝሓስብ የብልናን፥ ሞት ንሽማገለታት ንዝሓመሙ ጥራሕ ከምእተመጽእ እንሓስብ ውሑዳት አይኮናን።

አብ ገለ እዋን መጠን ጻዕቂ ስራሕ ዘሎና መጠኑ ዝሓሸና ኮይኑ ይስምዓና እዩ፥ "ሰይጣን ነቶም ስራሕ ዘይብሎም እዩ ስራሕ ዝረኽበሎም" ከም ዝብሃል እዩ። ንሕና ግን ሎሚ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ንዓመታ ንመጻኢ ንደቅና ኢልና ሃንፍነፍ ክንብል ንርአ አሎና፥ እንተኾነ ብዛዕባ መጻኢና ሓሲብና ንፈልጥዶ? መጻኢና ምስ አምላኽ ሓሲብናሉ ንፈልጥዶ? ነዚ አብ ቅድሚ አምላኽ ምቛምና ምስንዳው ገርናሉ ንፈልጥዶ?

ብርግጽ ንመዓልታዊ ሕይወትና ንመነባብሮና ንስድራና ክንሰርሕ ግድን እዩ ግን ነታ ናይ መጨረሽታ መጸዋዕታ ክንሰናዶ አሎና፥ ምኽንያቱ እዚ መሰረታዊ ሓቂ ሕይወትና እዩ። ነዚ እንተ ዘንጋዕና ኩሉ ግዝያዊ ዓወታትና ጥፍአትና እዮም ዝሕብሩ። አብዚ አብ ወንጌል ማርታን ማርያምን ዝብሃላ ክልተ አሓት ንዘክር (ሉቃ 10፡38-42)። ማርታ ብዛዕባ ጽቡቕ ነገራት ትስህር ትግደስ ነራ፥ ንኻልኦት ክተገልግል ትጽዕር ነራ፥ ማርያም ግን ካብ ዘይውሰድ ሠናይ ግደ ኃርያ" ዝብል ነንብብ ምኽንያቱ ንሕይወታ ትርጉም ዝህቦ ምስቲ ቃል ሕይወት ዝኾነ ተወሃሂዳ። እዚ ማለት ከአ ናብራ እዚ ዓለም ነቲ ቀንዲ ምስ አምላኽ ዘሎና ርክብ ክዕብልሎ የብሉን ማለት እዩ።

ማቴዎስ "ብዓል ቤት በየነይቲ ኽፍሊ ጊዜ ናይ ለይቲ ሠራቒ ከም ዚመጽእ እንተ ዚፈልጥ ምነቕሐ ነይሩ፥ ቤቱ ኽትኳዓት አይምኃደጋን፥ እምብአርከስ ንስኻትኩምውን ወዲ ሰብ ብዘይ ሓሰብኩምዋ ሰዓት ኪመጽእ እዩ እሞ ተዳሊኹም ንበሩ" እናበለ ክንሰናዶ ከምዘሎና ይነግረና። ብሓደ ወገን መዓልቲ ሞትና ዘይምፍላጥና ጽቡቕ እዩ ንፈልጥ እንተ ንኸውን ብፍርሕን ሻቕሎትን

ክንድዚ መዓልቲ ሰዓት ተሪፍኒ እናበልና ዓቕልና መጽበብና። ብኻልእ መወዳእታና እንተ ንፈልጥ ክሳብ መወዳእታ ተጸቢና ኣብተን መወዳእታ ንኹሉ ምቐየርና ንብል ንኸውን፥ እንተ ኾነ ብኽልቲኡ ከምኡ እንተ ዝኸውን ዓለምና ከቢድ ክትነብሮ ምኾነ። እቲ ቑምነገር ተሰናዲኻ ምንባር እዩ። “ጎይታኹም በየነይቲ ስዓት ከምዝመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ ተሰናዲኹም ጽንሑ”።

## ንዳግማይ ምጽኣት ከመይ ኢልና ክንሰንዶ?

ቅዱስ ጳውሎስ መልሲ ይህበና “ለይቲ ሓሊፋ መዓልቲ ቐሪባ እያ፥ ስለዚ ግብሪ ጸልማት ካባና ደርቢና ኣፅዋር ብርሃን ንልበስ” (ሮሜ 13፡12)። ብርግጽ ኩልና ዘይንኽሕዶ ኣብ ሕይወትና ኩልና ግብሪ ጸልማት ኣሎና፥ እንገብሮ ነገራት፥ እንብሎ፥ እንሓስቦ፥ ንድለታትና ስምዒታትናን ኢልና ካብ ዝነኣሰ ክሳብ ዝዓበየ ክነርዊ ኢልና ኣብ ንኣይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ዝብል ተመስሪትና እንገብሮ፥ ሰባት ጌጋ ከም ዘለዉ ክፈልጡ ኣይንደልን ምኽንያቱ ክፉእ ገሮምኒ እዮም ብኻልእ ባዕሎም ይፈልጡ ኣይግድሰንን እዩ እናበልና ኣብ ሕይወትና መንፈስ ኣምላኽ ዝርሓቀ እናገበርና ንነብር።

ነዚ ሓዲግና ዝኾነ ቅድመ ኩነት ዘይብሉ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሪን ርክብን ምስ ኣምላኽን ኣብ ነነድሕድና ክንፈጥር ይግብኣና። ንኣምላኽ ከመይ ገርና ከምእንረኽቦ ክንምሃር ኣሎና፥ ንኢየሱስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ክንረኽቦ፥ ኣብ ኩሉ ተመክሮታትና ኣብ ኩሉ ስራሕና ንኢየሱስ ከመይ ገርና ከም እንረኽቦ ክንምሃር ኣሎና። ኹሉ ሰብ ብኣርኣያ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ስለ ዝኾነ ክነኽብር ክነፍቅር ይግብኣና። ንሰባት ከም ርእስና ክነፍቅር ይግብኣና፥ ከምቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ገሪና ክነፍቅር ይግብኣና።

ኣብ ሕይወትና ኣብ ግብርና ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ብመንፈስ ኢየሱስ ተመሊእና እንነብር እንተ ኾና ተሰናዲና ኣሎና ማለት እዩ። ከምዚ ኮና እንነብር እንተ ኾና እንታይ ከምዝኸውን እንታይ ከምዝመጽእ ኣይክንሻቐልን ኢና። ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ ነቶኽር፥ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ እዋን እንህቦ መልሲ ኣብ ሓቂ ኣብ ርትዒ ዝተመስረተ ይኹን፥ እቲ መጻኢ ባዕሉ ክምልሶ እዩ። ከምዚ ኢልና እንተ ነበርና ኢየሱስ ምኣስ ከምዝመጽኣ ኣየፍርሓናን እዩ። መዓልቲ ሞትና እውን ከይከፍርሓናን እዩ። በቲ ንሱ ዝደልዮ እናተጎዓዝና እንተ መጻእና ኣይ ክንፈርሕን ኢና ምኽንያቱ “ዓርከይ ንዓ፥ ሕጂ ክጽውዓካ እደሊ ኣሎኹ። ምሳኽ እቲ መወዳእታ ዘይብሉ ሕይወተይ ክሳተፍ እደሊ ኣሎኹ” ክብለና እዩ። ብወገና ኸኣ “እወ ጎይታይ ስንድው እየ፥ እዚ ኹሉ ጊዜ ንኣኻ እናተጸብኹ እየ ነረ” ክንብሎ ኢና። ሽዑ እቲ ርክብና ናይ ክልተ ጓኖት ዘይኮነ ናይ ክልተ ናይ ነውሕ ጊዜ ኣዕሩኽ ክኸውን እዩ።

ዘመነ ምጽኣት እምብኣር ነቲ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ኣብ መንጎና ናይ ዝሕደሮ ዝኽሪ ልደት መድኃኒናን ናይ ዳግማይ ምጽኣት ብግርማ መልእኮት ንኽንሰናዶ ዝሕግዘና ቅዱስ እዋን እዩ። ሎሚ ንተዓወት ኢልና ኩልና ኣብ ምቕባል ጎይታ ንጓየ ልብና ነንጽሕ ሕይወትና ንሓድስ ፍቕርን ሕውነትን ኣቐዲምና ልብና ሓዳርና ስድራና ናብራና ብምልኡ ንክርስቶስ ክቕበል ክፉት ንግበሮ።

ንልደት ክርስቶስ ልዕሊ ኹሉ ዝተጸበየትን ንኣኡ ዝኸውን ሕይወት ዘሰናደውት ማርያም እያ። ኣብ ከርሣ ሃዲሩ ልደቱ ክትጽበ እንከላ ድሮ ማኅደር ኣምላኽ ስለ ዝኾነት ተቐዲሳ እያ። ሎሚ ካብኣ እንደልዮ ጣዕሚ ልደት ወድኺ ክኣስተማቒርና ክንክእል ልብና ሕይወትና ክነሰናዱ ሓግዝና ንበላ። ናይ ሎሚ ምስንዳውና ንድላይ ወዳ እናገበርና ንጸበዮ ሽዑ ሰላም ድሕነት ኩሉ እንደልዮ ክውሃበና እዩ።

ሠናይ ምስንዳው ንምጽኣት ጎይታ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ